# ትጽቢታተይ ካብ ጉንበት 24-25 ዝካየድ ናይ ይኣክል ዲሲ ኮንፈረንስ




ዲሞክራሲ ኣብ ዘይሃለወሉ ሃገር ፍትሒ ክረጋገጽ ስለዘይኽእል ንፍትሒ ምምላስ ማለት ንዲሞክራሲ ወይ ንህዝባዊ ስልጣን ምምላስ ማለት እዩ። ፍትሒ ወጽኢት ዲሞክራሲ ካብ ኮነት ብቐጻሊት ዲሞክራሲ ክህሉ ከሎ ልዑላውነት ሃገርን ሓድነት ህዝብን ክሕሎን ክረጋገጽን የድሊ። ሓድነት ህዝቢ ከም ኣምር ምጭራሕ ዘይኮነ ንሓድነት ህዝቢ ውሕስና ዝኸውን ፍትሕን ማዕርነትን ዜጋታት ምስ ዝረጋገጽ እዩ። ፍትሕን ማዕርነትን ኣብ ዝተረጋገጸሉ ሃገር ሰላም ይሰፍን። ሰላም ኣብ ዝሰፈነሉ ከኣ ህዝቢ ጸጋታት ሃገሩ ብማዕሪ ክጥቀመሉ ኣፍደገ ስለዝኸፍት ቁጠባ ሃገርን ህዝብን ንኽምዕበል ምቹእ ኩነታት ይፈጥር። ህዝብና ብናይ ሓባር ዕላማ ስትራተጂን ናይ ዓወት ጎደናን ኣብ ዘተኮበረሉ ቦታታት ብምጥርናፍ ቀጻሊ ዘለውን ኣህጉራውን ደረጃ ጥርናፈ ብምርግጋጽ ብህዝባዊ ምንቅስቓስ (ማዕበል) መላኺ ስርዓት ኣብ ምልጋስ ይኹን ዘተኣማምን ዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ምርግጋጽ ንህዝቢ ትገብገብ።

ተልእኾ ፍትሒ መጽሔት ከኣ፡ ነቲ ድሕሪ መሪርን ነዊሕን ብረታውን ህዝባውን ቃልሲ ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ነጻነትን ልዑላውነትን ኤርትራ፡ ካብ ብርሰትን ዕንወትን ንምድሓን ነቲ ንሃገርን ህዝብን ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ኣሳጢሑ ዘሎ መላኺ ስርዓት ጉጅለ ህግደፍ ብስሙር ህዝባዊ ቃልሲ ብምልጋስ፡ ሓድነት ህዝብን መሬትን ዘዕቆበት ሃገር ብምርግጋጽ፡ ንኹሉ መልክዓት ጭቆና ወጊድካ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰልን ማዕርነትን ዜጋታት እተውሕስ፡ ብግዝኣተ-ሕጊ እትመሓደር፡ ፍትሓዊት ቅዋማዊት ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ኢዩ።










**ብኀይትኦም ኢማም**
ኢንዲያናፖሊስ - ኢንድያና (ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ) ፍትሒ - ሕታም ጉንበት 2019
Email - Deleyti.fithi@gmail.com

# ካብ ይኣክል ናብ ህዝባዊ ማዕበል








KAGNEW STATION

EMPLOYEE XOR FOR
CONTRACTORS
TEMPORARY PASS

Isayas Afewerki
(Name)
Expiration day:
30 June 1970
Is Authorised Entry to the Post by Order of Commanding Officer

Provost Marshal
Kagnew Station

No. 0071

# Contents ትሕዝቶ መጽሔት


I. መእተዊ ..... 4

II. ትጽቢታተይ ካብ ናይ ዋሽንግተን ዲሲ ኮንፈረንስ ..... 5

1. ሽዱሽተ ወርሒ ዕድመ ዘለዋ ግዚያዊት ዞባ ሰሜን-ኣመሪካ ኣወሃሃዲት ሽማግለ ምምራጽ ..... 5
2. ህዝባዊ ምንቅስቓስ ወይ ህዝባዊ ባይቶ ክበሃል ክግላእ ዘሎዎ ናይ ሓባር ስምምዕን ተረደኦ ምህልው። ..... 5
3. ህዝባዊ ምንቅስቓስ (ባይቶታት) ብሓደ ስም ንክጽዋዕ ኮንፈረንስ ተሰማሚዑ ክውጽእ ..... 6
4. ኮንፈረንስ፥ መትከል ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ከምዝኸተል ክሰማማዕን ናይ ሓባር ተረደኦ ሒዙ ክወጽን ..... 6
5. ሰሜን-ኣመሪካ ኣብ ክንደይ ንኡስ-ዞባታት ክትክፈል ከምዘሎዋ ምስምማዕ ..... 7
6. ናይ ዜጋታት ጥርናፈ ኣብ ከተማ ብውልቀ ውክልና ናይ ዜጋታት ክኸውን ምስምማዕ ..... 7
7. ተራ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ቅድምን ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ ምልጋስ ናይ ሓባር ተረድኦ ምውናን ..... 8
8. ካብ ይኣክል ናብ ህዝባዊ ማዕበል ብከመይ ከምዝብጻሕ ናይ ሓባር ተረድኦ ሒዝካ ምውጻእ ..... 8

III. ራእን ተልእኾን ህዝባዊ ምንቅስቓስ (Vision & Mission of Mass Movement) ..... 9

IV. የዕጉድ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ..... 9

9. ሓባራዊ ህዝባዊ ዕላማ ..... 9
10. ሓባራዊ ስትራተጂን ናይ ዓወት ጎደናን ..... 9

V. ቅርጻ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ኣድላይነት ቀላሲ መሪሕነትን ..... 10

11. ከተማዊ/ቦታዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ..... 10
12. ንኡስ-ዞባዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ..... 10
13. ዞባዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ..... 10
14. ኣህጉራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ቅርጻን ..... 11
15. ካልእ ነጻ ትካላት ..... 13

VI. ብዛዕባ ክልተ ሰነዳት ናብ ኣዳለውቲ ኮንፈረንስ ብ4-22-19 ብኢመይል ዝተሰደ ርእይቶ ጎይትኦም ኢማም ..... 14

VII. ብጎይትኦም ኢማም ካብ ዝተጻሕፉ ተመሳሳሊ ጽሑፋትን ቃለ-መሓትትን (Author's Previous Written Relevant Materials & References) ..... 15

# I. መእተዊ

ከም ኤርትራዊ ዜጋ ሕልናውን ሃገራውን ሓላፍነት ስለዝስመዓኒ፡ ንዘሎኒ ውልቃዊ መሰል እውን ተጠቒመ፥ እዚ ኣብ ጉንበት 24 – 25 ኣብ ዋሽንግተን-ዲሲ ተሓሲቡ ዘሎ ህዝባዊ ኮንፈረንስ ዕዉት ኮይኑ ንክወጽእ ዘሎኒ ባህጊ ብግልጺ ንምግላጽን፡ ዓቕመይ ዘፍቅዶ ኣወንታዊ ኣስተውጽኦ ንምግባር ካብ ዝብል ሓልዮት ዝብገስ ምዃኑ ኣቐዲመ ክሕብር ይፈቱ። እቲ ተሓሲቡ ዘሎ ኮንፈረንስ እቶም ኣዳለውቲ መደብ ነዚ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ዘርጊሖምዎ ዘሎዎ ሓርፋፍ ዞባዊ ቅዋማዊ ሰነድ ኣዳልዮም ህዝቢ ክካታዓሉን ርእይቶ ህዝቢ ንክሰምዑን ንክመሓየሽን ዝዓለመ እንተኾይኑ ጸገም ዘሎዎ ክይኑ ኣይሰምዓንን። ኩሉ ክርደኦን ክዋስኣሉ ክኽእልን ብሃገራዊ ቋንቋታት እንተዝሰደድ ብዝያዳ ህዝቢ ከህብትሞ ይኽእል እኳ እንተነበረ፥ ብወገነይ ከም ሓርፋፍ ሰነድ (Draft Document) ፍጹም ኮይኑ ስለዘይመጸ ምስ ክህሉዎ ዝኽእል ሕጽረታት ከም ሰናይ ተበግሶ ከምዝቕበሎ ይሕብር።




http://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/2019/3004FN9-02AE.pdf

ከም'ቲ ነቲ ዕድል ተጠቒሞም ይሓይሽ ዝበልዎ ከቕርቡ መሰሎም ዝተጠቐምሉ፥ ኣብ'ቲ ምስናድ ናይ'ቲ ሰነድ ዘይተሳተፍና ውልቀ ዜጋታት፡ ይኹና ከተማታት ኣብ'ቲ ልዕሊ ሰነድ ርእይቶ ንምስማዕ ድሉዋት ክኾኑ ከኣ ተስፋ ይገብር። ነዚ ሰነድ'ዚ ዘዳለው፥ ብከተማታት ብዝተወከልዎ ድዮም ቀይሞም ኣይቀይሞም ዝፈልጦ ጉዳይ የብለይን። እንተቀይሞም እውን ዝተዋህቦም ሓላፍነት (mandate) እውን ኣይፈልጥን። ከም ግዱሳት ዜጋታት መጠን እውን ንለውጢ ሓጋዚ ዝብልዎ ሰነድ ናብ ህዝቢ ከቕርቡ ከሎው መሰሎም እውን ስለዝኾነ ክምስገኑን ከነተባብዖም ይግበኣና። እቲ ጸገም ዝመጽእ፥ እሳቶም፡ ነቲ ዘዳለውዎ ሓርፋፍ ሰነድ ብምቕራብ፥ ንመተካእታት ዕድል ዘይከፍትን፡ ርእይቶታት ህዝቢ ኣብ ጸብጻብ ዘየእቱን ምስ ዝኸውንን፥ ንግብረ-መልሲ ናይ ህዝቢ እኹል ግዜ ምስዘይህብን፡ ነቲ ናይ ናይ ይኣክል ነድሪ ህዝቢ ዝኾልፍን ምስ ዝኸውን ጥራሕ ኢዩ።

ኣዳለውቲ ናይ'ዚ ሰነድ ትሕዝቶኡ ብዘየገድስ፥ ነዚ ሰነድ ከም ሓደ ሓጋዚ ኣብ ዕዳጋ ዝወረደ ሰነድ ክርእይዎ ይምሕጸን። ብካልእ ኣበሃህላ፥ ዞባዊ ህዝባዊ ቅዋም ወይ ሰነድ ዘዳሉ ኣካል ብመን ይቛውም፥ ብከመይ ይቛውም፥ ብከመይ ርእይቶታት ከተማታት ይጥርነፉ፥ ብከመይ ናብ ሓደ ሓርፍፍ ሰነድ ይወሃሃድ፥ መዓስ ይጸድቕ ዝብል ሕቶታት ሓባራዊ ስምምዓት ናይተን ህዝቢ ጠርኒፈን ዘሎዋ ከተማታት ዘድልዮን ዝውሰኖን ጉዳይ ኮይኑ ይስመዓኒ። ብወገነይ ናብ ዘሎኹዎ ከተማ ምስ ተላእከ፡ ካብ ከተማ ይኹን ካብ ውልቀ-ሰባት ን4 መዓልቲ ጥራሕ ርእይቶ ክቕበሉ ስለዝተዋህበ፡ ብ4/22/19 ብወገነይ ዘሎኒ ርእይቶ ብዛዕባ እቲ ዝሰደድዎ ንድፈ ቅዋም ብኢመይል መልክዕ ናብ'ቲ ዝለኣኾ ኣካል ምስ ቅድም ኣቢለ ከም መተካእታ ዘዳለኽዎ ልኢኸ። እቲ ዝተዋህበኒ ግብረ-መልሲ ግን እቲ ናተይ ናይ ቅድም ጽሑፍ ከምዝሎዎም ይሕብር። ብካልእ ኣበሃህላ፥ እቲ ዘዳለውዎ ሰነድ ንርእይቶይ ኣብ ጸብጻብ ዘእተወ ከምዘይኮነ ስለዝተረዳእኩን፥ ናይ ካልኦት ርእይቶ ኣብ ግምት ከእትው ቅሩባት ዘይምዃኖም ስለዝተዓዘብኩን ንዝርኣ ዘሎ ሕጽረታት ቅድሚ'ቲ ኮንፈረንስ ንክእረም ካብ ዘሎኒ ሓልዮት ነዚ ጽሑፍ ከዳሉን ከም'ቲ እሳቶም ዝለኣኽዎ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ክዝርግሖ መሪጸ። ትጽቢተይ ዝነበረ፥ ኣዳላዊት ሽማግለ ነቲ ብድምጺ ይኣክል ዝቃላሕ ዘሎ መቓልሕ ናይ ህዝብን ካብ'ቲ ናይ ከተማታት ቀይመን ዘሎዋ ህዝባዊ ባይቶታት ርእይቶ ብምንቃል ካብ ይኣክል ናብ ህዝባዊ ማዕበል ንምብጻሕ ዝሕግዝ ምስ ወከልቲ ከተማታትን ኣወሃሃዲት ዞባዊ ሽማግለ ህዝባዊ ምልዕዓል ሰሜን-ኣመሪካ ብምልዛብ ናይ ኮንፈረንስ ኣጀንዳን ፖርግራም ክሰርዑ ኢዩ ነይሩ። ኮይኑ ግን፥ ብኣንጻሩ ባህግን ድሌትን ናይ ውልቀ-ሰባት፥ ቅድሚ ድሌት ህዝቢ ዝተሰርዐ መድብ ዝሓዙ ይመስሉ። ትጋገዩ ኣሎኹም ተባሂሎም እውን ንክእረሙ ፍቓደኛታት ዘይምዃኖም እኹል ሓበሬታ ከዋህልል እውን በቒዐ ኢየ። ግሉጽነት ክህሉ ብወገነይ ዝለኣኽክዎ ርእይቶ እውን ህዝቢ ክመራመረሉ ኣብ ታሕቲ ኣብ'ዚ ጽሑፍ ኣስፈረዮ ኣሎኹ። ብወገነይ ካብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ተረድኦን መንፈስን ስክፍታን ብምብጋስ፡ ኣነ'ውን ከም ኤርትራዊ ዜጋ ማዕርነታዊ መሰለይ ተጠቒመ፡ ናይ ዲሲ ኮንፈረንስ ዕውት ነይሩ ንክብሎ እንታይ ኣማሊኡ ክወጽእ ትጽቢታተይ ከብርህ ይፈቱ።



## II. ትጽቢታትየ ካብ ናይ ዋሽንግተን ዲሲ ኮንፈረንስ

### 1. ሽዱሽተ ወርሒ ዕድመ ዘለዋ ግዚያዊት ዞባ ሰሜን-ኣመሪካ ኣወሃሃዲት ሽማግለ ምምራጽ

ቀይመን ዘጸንሓን፡ ሕጂ ዝቐማን፡ ዘይቆማን ከተማዊ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ከምዘሎዋ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ከምእውን መብዛሕትኣን ኣብ ምዕራብ ኣመሪካን ካናዳን ዘሎዋ (ንኣብነት ሲያትል ዋሽንግተን) ኣብ ዲሲ ኮንፈረንስ ከምዘይሳተፉ ብምርዳእን 6 ወርሒ ዕድመ ዘሎዋ ካብ ወከልቲ ከተማታት ኣወሃሃዲት ሽማግለ ክትወጽእ ዝሓሸ ኣማራጺ ኢዩ ዝብል ዕግበት ኣሎኒ። እዛ ሽማግለ እዚኣ ከአ 3 ክፍልታት ይህሉዋ። ክፍሊ ጎስጓስ፡ ክፍሊ ምድላው ሰነድ ፡ ክፍሊ ገንዘባዊ ጉዳያትን ተባሂለን ናይ ስራሕ ምክፍፋል ይህሉወን። 15 ሰባት ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ፡ ሓሓሙሽተ ሰባት እኹላት ኢዮም ዝብል ርእይቶ ኣሎኒ። ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ከአ ዘድልዮም ሓገዝን ርክባቶምን ምስ ወከልቲ ከተማታት ይኸውን።

- **ክፍሊ ጎስጓስ** (Mobilizing Committee) - ኣብ ሰሜን-ኣመሪካ ህዝባውያን ባይቶታት ንዘይመስረታ ከተማታት ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ውሽጢ 3 ወርሒ ንክቖማ ትጉስጉስ። ንክቖማን ወከልተን ክመርጻን ጎስጓስ እተካይድ ክፍሊ ወይ ሽማግለ ትኸውን። ብተወሳኺ፡ ኣብ ካልኦት ክፍሊ-ዓለማት (ኣወስትራልያ፡ ኣውሮጳ፡ ኣስያ፡ ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕ) ተመሳሳሊ ተበግሶ ንክካየድ ጎስጓስ ተካይድ።
- **ክፍሊ ምድላው ሰነድ** (Preparatory Document Committee) - ካብ 3-6 ወርሒ ከአ ካብ ኩለን ከተማታት ሰነድ ዕላማታትን ዓንዲ-ሕግን ብምጥርናፍ ንሰሜን ኣመሪካ ዘገልግል ሓርፋፍ ሰነድ ብምድላው ናብ ድሕሪ 6 ወርሒ ዝካየድ ዞባዊ ጉባኤ ዘብጽሕ ቅድመ ምድላዋት ተካይድ። ነዚ ዝተዳለወ ሰንድን ካብ ከተማታትን ዜጋታትን ዝስደድ ሰንዳትን መሰረት ዝገብረ፡ ንሰሜን-ኣመሪካ ዝኸውን ቀዋማዊ ንድፊ ሰነድ ምድላው። እቲ ዝተዳለወ ሰነድ ከአ ኣብ ዞባዊ ህዝባዊ ጉባኤ ንክመሓየሽን ንክጸድቕን ተቐርብ።
- **ክፍሊ ገንዘባዊ ጉዳያት** (Financing Committee) - ንዞባዊ ጉባኤን ንካልእ ወጻኢታት ናይ ግዚያዊት ኣወሃሃዲት ሽማግለ እትገብሮ ወጻኢታት ዝሽፍን ገንዘባዊ ዓቕሚ ንክህሉ እትጽዕር ኮሚቲ።

### 2. ህዝባዊ ምንቅስቓስ ወይ ህዝባዊ ባይቶ ክበሃል ክማላእ ዘሎዎ ናይ ሓባር ስምምዕን ተረደኦ ምህልው።

ኣብ ሓንቲ ከተማ፡ ሓንቲ ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶ ጥራሕ ኢያ ክትህሉ ዝግባእ። ኣብ'ቲ ዞባ ይኹን ኣብ'ቲ ከተማታት ጸገማት ንከይፍጠር ናይ ሓባር ተረደኦን ስምምዕን የድሊ። ናይ ህዝቢ ባይቶ ብዝብል ስም ስለ ዝተጸወዐ ናይ ህዝቢ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ኣብ ሓደ ከተማ ወይ ቦታ ኣሎ ክበሃል ናይ ህዝቢ ኩብሎ ዝኽእል ረቛሒታት ምስ ዝማልኡ ጥራሕ ኢዮም። ካብ ኣመሰራራትኡ ኣትሒዙ፡ ዕላምኡ ይኹን መደብ ስርሑ ህዝቢ ማእከል ዝገበረ ካብ ናይ ህዝቢ ዋንነትን መትከላዊ መስርሕን ከይወጸ ግሉጽነትን ዲሞክራስያውነትን ተቐኒቱ ብግብሪ ህዝባዊ መስርሕ ኣካይዱ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ብግብሪ ምስ ዘረጋግጽ ጥራሕ ኢዩ። ብወገነይ፡ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ኣሎ ክበሃል እዚ ዝስዕብ ክማላእ ኣሎዎ ይብል።

- **ህዝባውነት ብህዝባዊ መስርሕ ምርግጋጽ**
  - ንህዝቢ ኣብ ናይ ሓባር ዕላማ በብቦትኡ (ከተማታት) ንምጥርናፍ ዝብገስ ተበግሶ፡ ንኹሎም ልዕሊ 18 ዕድመ ዘሎዎም ኤርትራውያን ዜጋታት (ዝተወደቡን ዘይተወደቡን) ብዘይ ኣፈላላይ ዝዕድምን ዘሳትፍን መስርሕ ክኽተል የድሊ። ኣብ'ቲ ከተማን ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ክዝርጋሕ ተመራጺ ይኸውን።
  - እቲ ተበግሶ ህዝባዊ ጸዋዒት (መጋበእያ) ዕላማ ናይ'ቲ ኣኼባ ብዕላዊ ጽሑፍ ንኹሉ ህዝቢ (እንተላይ ደገፍቲ ስርዓት ህግድፍ) ዕድመ ክገብር የድሊ።
  - እቲ ዝተኣከበ ናይ'ቲ ከተማን ከባብን ህዝቢ፡ መወሰኒ ሚእታዊት ናይ ኣወሳስና ቅጥዒ ክሰማማዕ የድሊ። ብርእይቶይ 75% ናይ ኣኼበኛ ንዕላማ ዝምልከት፡ 67% ንመደብ ስርሓት ዝምልከት፡ 50%+1 ከአ ንዕለታዊ ኣፈጻጽማ መደብ ስርሓት ብሽማግለ የስርሕን ንሓደነት ከአ የዕቅብን ዝብል ዘስርሕ ኢዩ ይብል።
  - እቲ ዝተኣከበ ህዝቢ ናይ'ቲ ከተማ ህዝባዊ ባይቶ ዕላማን ቅዋምን መደብ-ስራሕን ናይ'ቲ ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶ ክጸድቕ ይድለ።
  - መደብ ስራሕ ድሕሪ ምውጻእ ከአ፡ እቲ ህዝባዊ ጉባኤ ብዝተሓተ 2 ሽማግለታት ይመርጽ፡
    - ➢ ነቲ ከተማዊ ምንቅስቓስ እትመርሕ 5-7 ዝኣባላታ ሽማግለ

- 3-5 ዝኣባላታ ሽማግለ ወከልቲ እቲ ከተማ ኣብ ንኡስ ዞባዊ ምምሕዳር። ዞባዊ ባይቶ ምንቅስቓስ ምስ ቀመ ከኣ ካብ'ዚኦም ነቲ ከተማን ንኡስ ዞባን ኣብ ዞባ ይውክሉ። ዘድሊ ቁጽሪ ኣብ ጉባኤ ናይ ንኡሳን ዞባታት ክውሰን ይከኣል።

- **ኣብ ንኡስ-ዞባን ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ናይ ከተማ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ከተማልኦ ዝግበኦ**

  ሓንቲ ከተማዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ብወከልታ ኣቢላ ኣብ ንኡስ-ዞባውን ዞባውን ህዝባዊ ባይቶ ንክትሳተፍ ነዚ ዝስዕብ ከተማልእ የድልያ።

  - ነቲ ኣብ ቁጽሪ ሓደ ዘሎ መስርሕ ከምዘካየደት መረጋገጺ ምስ ተቐርብ
  - ኣብ ከተማ ጠርኒፈዮም እትብሎም ዜጋታት ዝርዝር ኣስማትን፥ ቴለፎን/ኢ.መይል ወዘተ ከተቕርብ ምስ ትብቅዕ
  - ናይ ወከልቲ ናይ'ታ ከተማ ዕላዊ መሰነይታ ከኣ ዞባዊ ሽማግለ ከተቕርብ ምስ ትበቅዕ

## 3. ህዝባዊ ምንቅስቓስ (ባይቶታት) ብሓደ ስም ንክጽዋዕ ኮንፈረንስ ተሰማሚዑ ክውጽእ

እዚ ነቲ ዕላዊ ከተማዊ ህዝባዊ ውክልና (ባይቶ) ከነለሊ ሓጋዚ ይኸውን። ብርእይቶይ 2 ኣማራጺታት ይጠቅስ። ነዚ ሰነድ'ዚ ኣብ ምድላው ግን ብሓፈሻዊ ስም - ህዝባዊ ምንቅስቓስ ብዝብል ስም ተጠቒመ ከም ዘሎኹ ርዱእ ይኹን።

- ኤርትራዊ ህዝባዊ ባይቶ (ከተማዊ፥ ንኡስ-ዞባዊ፥ ዞባዊ ኣህጉራዊ) - እቲ መፍለይ ስም ከተማን፥ ንኡስ ዞባን፥ ዞባን ጥራሕ ይኸውን። ንኣብነት ዋሽንግተን ዲሲ እንተወሲድና - ኤርትራዊ ህዝባዊ ባይቶ ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን ወይ ከኣ ህዝባዊ ባይቶ ኤርትራውያን ዋሽንግተን ዲሲን ከባቢኣን ይበሃል።
- ኤርትራዊ ህዝባዊ ምትእሳሳር

## 4. ኮንፈረንስ፥ መትከል ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ከምዝኽተል ክሰማማዕን ናይ ሓባር ተረደኦ ሒዙ ክወጽን

እዚ መትከል'ዚ ህዝቢ ማእከል ዝገበረ፥ ላዕለዋይ ቦታ ንህዝቢ ዝሰረዐ፥ ዜጋ ማዕርነታዊ መሰል ከምዘሎዎ ዘውሕስ ዲሞክራስያዊ መትከላዊ መስርሕ ምኳኑ ብንጹር ብሓባራዊ ዕግበት ክንወጽእ ኣገዳሲ ይኸውን። እቲ ታሕቲ ዝበሃል ዘሎ ከም ስሙ ዘይኮነ እቲ ዝተሓተ (እቲ ጽፍሒ ጥርናፈ ህዝቢ) እቲ ዝለዓለ ናይ ምውሳን ስልጣን ዘሎዎ ጽፍሒ ሓላፍነት ኢዩ። እቲ ኣሃዱ ናይ ጥርናፈ ኤርትራዊ ዜጋ ኮይኑ፥ ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ዜጋታት ነቲ ታሕተዋይ (ቀዳማይ) ጽፍሒ ጥርናፈ ህዝቢ ይምስርቱ ማለት'ዩ። እቲ ቀጺሉ ዝቐውም ጽፍሒ ጥርናፈ ብውክልና ዝቐውም ጥርናፈ ኢዩ። እዚ ከኣ ናይ ወካልን ተወካልን ዝምድና ይሀሉዎም ማለት'ዩ። እዚ ማለት ከኣ ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶ ብኤርትራውያን ዜጋታት ናይ'ታ ከተማ ትቐውም። ንኡስ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ከኣ ብወከልቲ ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶታት ትቐውም። ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ብወከልቲ ንኡስ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ትቐውም። ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ (ዓለማዊ ኣብ ዲያስፖራ) ከኣ ብወከልቲ ዞባታት ይቐውም። ካብኡ ዝንቐል ዝሰረተ




ቅርጻ ከኣ እዚ ዝስዕብ ክኸውን ትጽቢት ኣሎኒ። ወከልቲ ነቲ ዝመረጾም ወይ ዝለኣኾም ጽፍሒ ጥርናፈ ተሓታትነት ይህሉዎም። ንኣብነት ኣብ ዞባ ሰሜን-ኣመሪካ ብ101 ወከልቲ ክቐውም እቲ ዞባዊ ህዝባዊ ጉባኤ እንተተሰማሚዑ፥ እቲ ኣወኻኽላ ከኣ 100 ሰብ ብሓደ ወኪል እንተኾይኑ ዘይተወከላ ውድባትን (እታ ሓንቲ ውድብ 100 ኣባላት እተን ክልተ ከኣ ነፍሲ-ወከፈን ሓሓምሳ ምስ ዝህሉወን)፥ ሲቪክ ማሕበራትን 3 ብሄርን ምስ ዝህሉዋ፥ ከምእውን ንኣገደስቲ ምሁራት ናይ 8 ሰባት ቦታ ንክሕዛእ ጉባኤ እንተተሰማሚዑ (4 ደቂ-ተባዕትዮ፥ 4 ከኣ ደቂ-ኣንስትዮ) 8 ንኡሳን ዞባታት ከኣ ማዕረ ቁጽሪ ህዝቢ እንተተሓቑፈን እቲ ኣመቓርሓ ውክልና እዚ ዝስዕብ ይመስል ማለት ኢዩ። ኣድላይነት ብደረጃ ዞባን ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶን ብቐዓት ዘውንኑ ብስም ህዝቢ

| ዞባ-ሰሜን ኣመሪካ | | |
|---|---|---|
| # | ውክልና | ኣመቓርሓ |
| 1 | ሕዙእ ንምሁራትን ምኩራትን | 8 |
| 2 | ንዘይተወከላ ብሄራት | 3 |
| 3 | ንዘይተወከላ ውድባት/ማሕበራት | 2 |
| 4 | 11 ንነፍሲ-ወከፍ ንኡስ ዞባ | 88 |
| | ድምር | 101 |

ብምሉእ ግዚኦም ዝቃለሱን ክህሉው ን ዓወትና ኣገዳሲ ጉዳይ ኢዩ። ስለዚ ሕቶ ባጀት ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ዞባዊ ህዝባዊ ጉባኤ ክዝተየሉ፥ ተሳተፍቲ ኮንፈረንስ እውን ክሓስበሉ ዝግባእ ኮይኑ ይስመዓኒ። ብደገ ኣብ ዲያስፖራ ይኹን ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝግበር ቃልሲ ንለውጢ ገንዘብ ዓቢ ተራ ስለዘሎዎ ብወገነይ እዚ ዝስዕብ ሕሳባት የቕርብ።

- ኣብ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዝሳተፍ ዜጋ $50 ዶላር ኣብ ወርሒ ክኸፍል።
- ኣወዓዕሉኡ ከኣ - $10 ንባጀት ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶ፥ $5 ንንኡስ-ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ፥ $10 ንዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ፥ $25 ከኣ ንባጀት ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ይውዕል። እዚ ብዕቱብ ክሕሰበሉ የድሊ። ለውጢ ደሊኻን፥ ገንዘብ በቒቕካን ኣይሰርሕን ኢዩ። ስራሕ ዘይብሎም ዜጋታትን ካብ ሰብን መንግስትን ዝምርኮሱ ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ግን ብነጻ ኣባላት ይኾኑ።

## 5. ሰሜን-ኣመሪካ ኣብ ክንደይ ንኡስ-ዞባታት ክትክፈል ከምዘሎዋ ምስምማዕ

ካብ መትከል ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝተመስረተ ምስ ዕቤት ናይ ዞባን ናይ ሰዓታት ፍልልይን ኣብ ጸብጻብ ብምእታው እቲ ዞባ ኣብ ክንደይ ንኡሳን-ዞባታት ክኽፈል ከምዘሎዎ ምስምማዕን፥ እተን ከተማታት በየናይ ንኡስ-ዞባ ከምዝውከላ ምንጻር። ብርእይቶይ፥ ብኣዳለውቲ ዲሲ ፕሮግራም ዝተዘርግሐ ሰነድ ዝሃብዎ ርእይቶ ይሰማማዕ። እዚ ማለት ከኣ፥ ከም'ዚ ትርእይዎ ዘሎኹም ሰሜን-ኣመሪካ ኣብ 8 ንኡሳን-ዞባታት (5 ኣብ ኣመሪካ 3 ከኣ ኣብ ካናዳ) ይኽፈል ማለት ኢዩ። ኣብ ኮንፈረንስ ተሰማሚዕካ ምውጻእ፥ ነቶም ኣዳለውቲ ሰነድ ሓጋዚ ይኸውን። ከም ካልኣይ ኣማራጺ እውን ኣብ 5 ክኽፈል ሓሳብ የቕርብ። እዚ ከኣ ካናዳን ኣመሪካን ከተማታት ዝሓዋወሰ ማለት ኢዩ። ንኣብነት ሲያትል ዋሽንግቶን ምስ ቫንኮቨር ኣብ ሓደ ንኡስ ዞባ ይሕቆፉ ማለት ኢዩ።







ኣገዳስነት ናይ ህላዌ ናይ ንኡስ-ዞባ ሽለል ከይንብሎ ይምሕጸን። ኣብ መደብ ስራሓት ወይ ንጥፈታት ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት ብንኡስ ዞባ ዝሰርሑ (ከተማታት ሓቢረን) ስርሓት ከምዘሎው ምስትብሃል የድሊ። ን ኣብነት ሰለማዊ ሰልፊ ብዞባ ደረጃ ዘይጥዕም ምስ ዝኸውን፥ ኣብ ሐደ ግዜ ኣብ 2 ወይ ሰለስተ ወዘተ ብጥርናፈ ንኡስ ዞባታት ክካየድ ዝሓሸ ክኸውን ይኽእል። ኣብ ዞባ ኣውሮጳ ከኣ ናይ ግድን ን ኡስ ዞባታት ክህሉዎም ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ - ከተማ - ሃገር - ኣውሮጳ ይኸውን እቲ መስርሕ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ። ስለዚ ሃገር ከም ንኡስ-ዞባ ትስራዕ ኣላ ማለት'ዩ።

## 6. ናይ ዜጋታት ጥርናፈ ኣብ ከተማ ብውልቀ ውክልና ናይ ዜጋታት ክኸውን ምስምማዕ

እዚ ነጥቢ'ዚ ቀሊል ይመስል፥ ኮይኑ ግን ሓደ ካብ'ቲ ቀንዲ መገራጨዊ ምስ ናይ ገሊኣን ኣባላት ፖለቲካዊ ውድባት ኢዩ። ውልቀ ውክልና ናይ ዜጋታት ክበሃል እንከሎ፡ ኣባል ፖለቲካውን ሲቪካውን ውደባ ይኹን ኣይኹን እቲ ዜጋ ብዘየገድስ ከም ውልቀ-ሰብ ይሳተፍ ማለት'ዩ። ናይ ግሊ-ውደባ ናይ'ቲ ዜጋ ነቲ ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶ ዝምልከቶ ጉዳይ ኣይኮነን። ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶ ስምረት ናይ ዜጋታት ብዕላማ ወይ ሓቢርካ ብዘይ ኣፈላላይ ጸገም ሃገርን ህዝብን ንምፍታሕ ዝተጠርነፈ ሓባራዊ ትካል ምዃኑ ክንርደኦ ኣገዳሲ ይኸውን። እንተዘይኮይኑ፥ ኣብ ንሕናን እሽኻትኩም ዝብል ናይ ፍልልይ ኣምርን ሓሸውየን ንህዝቢ ክከፋፍሉ ዝፍትኑ ውሑዳት ኣይኮኑን። እቲ ኣስዒቦም ዝብልዎ፥ ንሕናን እሽኻትኩምን ብግንባር ንስራሕ ዝብል ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ዝቐውም ሽማግለ ብልፍንቲ (quota) ንክኸውን ኢዮም ዝደፍኡሉ። ህዝቢ ኣይመርጸንን ዝብል ዕግበት ዘሎዎ ሰብ ናይ ህዝቢ ረብሓ ክሕሉ

ኣይክእልን ኢዩ። ነፍሰ-ተኣማንነት ዘይውንን ውደባ ካብ ረብሕኡ ንህዝቢ ዘኸትሎ ጉድኣቱ ይበዝሕ። ንመከራን ኣደራዕን ህዝብና ንምንጋፍ፡ እቲ ኣብ ቅድሜና ዘሎ ዝሓሸ ኣማራጺ ነቲ ሓባራዊ ማእከላዊ ዕላማ፡ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ምልኪ ብፍትሒ ክትካእ ዝተወደበን ዘይተወደበን ደላይ ፍትሒ ሓቢሩ ጸረ ጉጅለ መራሕቲ ህግደፍ ዝመርሕዎ መላኺ ስርዓት ስሙር ህዝባዊ ቃልሲ ምክያድ እዩ። እቲ ቀዳማይ መሰረታዊ ዕላማ፡ ምልካዊ ስርዓት ኣልጊስካ ምልኪ ብፍትሒ ምትካእን ምርግጋጽን ኢዩ። ካብ ዝሓለፉ ጥልማታት ተሞክሮ ብምውሳድ ከኣ፥ ህዝቢ ነቲ ለውጢ ከምዝመርሖን ከምዝቕልሶን ብምግባር ዘተኣማምን ነባሪ ፍትሕን ሰላምን ማዕርነትን ዜጋታት ንምርግጋጽ ብዜጋታት ዝቐመ ህዝባዊ ባይቶታት የድሊ። ከም ህዝቡ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኮይኑ ንሸግር ህዝቢ ክፈትሕ ቅሩብ ዘይኮነ ኣባል ፖለቲካዊ ውድብ ዜጋ፡ ንናይ ህዝቢ ረብሓ ኣብ ካልኣይ ቦታ ዝሰርዐ ካብ ምኳን ሓሊፉ ካልእ ትርጉም ዘሎዎ ጉዳይ ኣይኮነን። ብንጹር፥ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ንሕናን ንስኻትኩም ዝብል መቓቓሊ፥ ንምልኪ ሓጋዚ ዝኾነ ናይ ሕሉፍ ጉድለታት ንምእራም ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኢዩ።

## 7. ተራ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ቅድምን ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ ምልጋስ ናይ ሓባር ተረድኦ ምውናን

- ኣብ ምልጋስ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ -
  ኣብ ዲያስፖራ እንከይዶ ቃልሲ ንኣብ ውሽጢ ንዝግበር ናይ ተቓውሞ ውዳባን፥ ስርሒታትን ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ካብ'ዚ ተሳጢሖምሉ ዘሎ ሓደጋ ንምድሓን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ብህዝባዊ ማዕበል መላኺ ስርዓት ህግደፍ ምልጋስ ኢዩ። ናይ ህዝቢ ጥርናፈ ወይ ምንቅስቓስ ንስልጣን ዘይሻሞ ኣብ ውሱን ዕላማታት ብቀዳምነታት ዝሰርሕ ብናይ ሓባር መኣዲ ናይ ህዝቢ መቃለሲ ባይታ ምዃኑ ናይ ሓባር ተረድኦ ሒዝና ክንወጽእ የድልየና። ሕቶ ስልጣን ንነፍሲ-ወከፍ ኤርትራዊ ማዕርነታዊ ናይ መሰል ብጽሒት እኳ እንተሃለዎ፡ ነቶም ኣብ ዲያስፖራ ኮይና ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ንምምጻእ ንቃለስ ዘሎና፡ ብተግባር ስልጣን ንዓና ዝምልከተና ኣይኮነን። ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ ህዝቢ ንኣብ ውሽጢ ሃገርና ዘሎ ህዝብና ሓጋዚ ተራ ድኣ'ምበር ወሳኒ ተራ የብሉን። እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝብና ዝውስኖን ዝያዳ ዝምልከቶን ጉዳይ ምዃኑ ፈሊጥና ናይ ስልጣን ሕቶ፡ ሰረገላ ቅድሚ ፈረስ ክንሰርዕ ኣይግባእን። ካብ ስደት ከይዱ ስልጣን ንምሓዝ ባህጊ ዘሎዎ ውልቀሰብ ይኹን ፖለቲካዊ ሓይሊ፡ ንኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝብና ኣብ ጎኑ ከየዕሰለን፥ ተግባራዊ ንህዝቢ ዝጠቅም ስራሕ ከየርኣየን፡ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ክሕዝ ዝሓስብን ዝመጣጠር እንተሃልዩ፡ ሕልመ-ከንቱ ኮይኑ ኢዩ ክተርፍ።
- ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ ምልጋሱ፡
  ኣብ ምስግጋር ንዲሞክራሲ ኤርትራ ብቅዋም እትመሓደር ዲሞክራስያዊት መንግስቲ ንምርግጋጽ ክከኣል፡ ኣብ ዲያስፖራ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ተጠርኒፉ ኣወንታዊ ግደ ክበርክትን ባይታ ከጣጥሕን ክበቅዕ ዝዐለመ ኢዩ። ኣብ ዳግመ-ምህናጽ ናይ ሃገርን፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝብና እንደገና ንከይገሃሱ ዝጣበቐን ተጽዕኖ ዝፈጥርን ሲቪካዊ ጥራናፈ ኮይኑ ክቕጽል ይኽእል። ከምእውን ኣብ ዳግመ-ህንጻ ሃገርን ምጥያስ ስደተኛታት - ገንዘባውን ነገራውን ሞራላውን ደገፍ ምብርካት የጠቓልል።

## 8. ካብ ይኣክል ናብ ህዝባዊ ማዕበል ብከመይ ከምዝብጻሕ ናይ ሓባር ተረድኦ ሒዝካ ምውጻእ

- ካብ ናይ ስምዒትን ጽልእን ተቓውሞ ናብ ቀጻልነት ዘሎዎ ዝምዕብል መተከላዊ ህዝባዊ ተቓውሞ
- ካብ ተቓዋማይን ደጋፋይን ዝብል ንስርዓት ህግደፍ ዘገልግል ደንበ ፍልልይ ናብ ምድሓንን ምውሓስ ሃገርን
- ተራን ትጽቢትን መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ኣብ ህዝባዊ ምንቅስቓስ
- ተራን ትጽቢትን ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ሲቪካውያን ማሕበራትን ኣብ ምሕያል ህዝባዊ ምንቅስቓስ
- ሲቪካውን ፖለቲካውን ባህርይ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ኣሰራርዓ መድረኻዊ ናይ ዕላማ ቀዳምነታትናን ብግቡእ ክንርዳእ ምብቃዕ
- ጉዕዞ ካብ ጭንግራሕ (ፋሕ ዝበለ) ዘይውሁድ ቃልሲ ናብ ቀላሲ ዘለዎ ውሁድ ቃልሲ
- ሕቶ ዲሞክራስያውነትን ውክልና ናይ ብዙሕነት ንውህደት ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ህዝባዊ ጉባኤን ባይቶታትን
- ኣገዳስነት ምውህሃድ ሕቶ ዲሞክራስያውነትን ምስ ውክልና ሃገራዊ ብዙሕነት ንስኒትን ሓድነትን

## III. ራእን ተልእኾን ህዝባዊ ምንቅስቓስ (Vision & Mission of Mass Movement)

- ራኢ - ልዕላውነታ ዘውሓሰት ስኒትን ሰላምን ዝዓሰላ ምዕብልቲ ሃገረ-ኤርትራ ንምርግጋጽ
- ተልእኾ - መላኺ ስርዓት ብምልጋስ ኣምሳይ ኡ ህዝቢ ዝቀጻጸሮ ቀዋሚ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ሃገረ ኤርትራ ንምትካል ኢዩ

## IV. የዕኑድ ናይ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንክዕወት፡ ህዝቢ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ ኣምራት ንጹር ናይ ሓባር ተረድኦ ክህልዎ የድሊ።

1. ንጹር ሓባራዊ ህዝባዊ ዕላማ - Clear Common Goals/Objectives
2. ንጹር ሓባራዊ ስትራተጂን ናይ ዓወት ጎደናን - Clear Common Strategy & Road Map
3. ቅርጻ ምንቅስቓስን ሓባራዊ ህዝባዊ መሪሕነትን - Network Structure & Common Leadership
4. ንጹር ናይ ሓባር ህዝባዊ መደብ ስራሕ - Clear Commn Work Plan
5. ንጹርን ሓባራዊ ግብራዊ ስራሕ - Clear Common Action

### 9. ሓባራዊ ህዝባዊ ዕላማ

- ሃገርን ህዝብን ኤርትራ ካብ'ዚ ተሳጢሖምሉ ዘሎ ሓደጋ ንምድሓን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ መላኺ ስርዓት ህግደፍ ምልጋስ።
  - ልዑላውነት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ተሳጢሓ፡ ህዝባ ከኣ ይበታተንን ምህላዉን፡ ኤርትራ ህዝቢ ዘይብላ ሃገር ከይትኸውን ብምስትብሃል።
  - ስርዓት ህግደፍ፡ ኩሉ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ዜጋታት ኤርትራ ረጊጹ፡ ኣሽሓት ፖለቲካዊ እሱራትን ዜጋታትን ብዘይ ፍርዲ ኣብ ሕሱም ማእሰርቲ ሓይሩ፡ ሃለዋቶም ዘይፍለጥ ኣብ ሓደጋ ምህላዎም ብምርዳእ።
  - ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰላምን ራህዋን ክነብር፡ ናይ ህዝቢ ዝኾነ፡ ብህዝቢ ዝቘውም፡ ንህዝቢ ዘገልግል ህዝባዊ መንግስቲ ክተክል ክበቅዕ።
- ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ ምልጋሱ፡ ኤርትራ ብቀዋም እትመሓደር ዲሞክራስያዊት መንግስቲ ንምርግጋጽ ክኽኣል፡ ካብ ሕጂ ኣትሒዙ ኣብ ዲያስፖራ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ተጠርኒፉ ኣወንታዊ ግደ ክገብርን ባይታ ከጣጥሕን ክበቅዕ።
  - ንሰላማዊ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ምስግጋር ዝሕግዝ ኣሰተዋጽኦ ምግባር።
  - ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ፡ ህዝቢ ኤርትራ እንተደገና ኣብ ምልካዊ መንግስታዊ ስርዓት ንከይወድቕ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝግበር ለውጢ ጸላዊ ዝዓዘዘ ተራን ኣሰተዋጽኦን ክገብር ክበቅዕ።
  - ብስርዓት ህግደፍ ዝዓነወ ትሕተ-ቅርጻ ይኹን ንቁጠባውን ማሕበራውን መነባብሮ ዝሕግዝ ቅድመ-ምድላው ብምግባር ኣብ ዳግመ-ህንጻ ሃገር ኣሰተዋጽኦ ክገብር ክበቅዕ።

### 10. ሓባራዊ ስትራተጂን ናይ ዓወት ጎደናን

- ንኣብ ዲያስፖራ ዝነብሩ ደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ ኣረዲእካ ኣካል ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንምግባር ቅኑዕ ስትራተጂን ናይ ቅልሲ ስእልን ምኽታል።
- ብመሪሕነት ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ፡ ካብ መንግስታውን ግብረ-ሰናይ ማሕበራትን ንለውጢ ዝሕግዝ ሓገዛት ንክርከብ ንጹር ስትራተጂ ምውጻእ።
- መርሕነት ህዝባዊ ባይቶ ብዲፕሎማስያዊ ቤ/ጽሕፈት ኣቢሉ፡ ኣብ ዓለም-ለኻዊ ስርዓት ህግደፍ ከምዝንጸልን ጸቕጢ ከምዝግበረሉ ምግባር።
- ኩሉ ንለውጢ ዝብህግ ህዝብና ብምንቅስቓስ፡ ንዘሎ ዓቕምታት ናይ ውሽጥን ደገን ህዝብና ብምውህሃድ፡ ስርዓት ህግደፍ ቀልጢፉ ብህዝባዊ ማዕበል ዝወድቐሉ ስትራተጂን ናይ ዓወት ጎደናን ምውጻእ።
- ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ንጹር ዘዐውት ስእሊ ናይ ቃልሲ ምሕንጻጽ

## V. ቅርጻ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ኣድላይነት ቀላሲ መሪሕነትን

ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝቖመ ቅርጻ ይህሉዎ። እዚ ቅርጻ እዚ ከኣ ንንጹርነት ናይ መደብ ስራሓት ኣብ ጽፍሕታትን ብግብሪ ኣብ ምስራሕን ንተሓታትነት ህዝቢ ዝወከሎ ዝሕግዝ ቅርጻ ኢዩ።

### 11. ከተማዊ/ቦታዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

ከተማዊ/ቦታዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንኹሎም ለውጢ ዝብህጉ ኣብ ሓደ ቦታ ወይ ከተማ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዜጋታት ዘተኣሳስር ኣሃዱ ሓድነታዊ ናይ ህዝቢ ጥርናፈ ኢዩ።

- ኣብ ውሽጢ ህዝብና ዝርከብ ናይ ዘይምትእምማን ክህሉ ዝኽእል ፍልልያትን ሽግራትን ኣብ ህዝባዊ መድረኽ ልዝብ ንክፍታሑ ምጽዓር።
- ንደገፍቲ ስርዓት ህግደፍ ካብ ጽልዋ ናይ ስርዓት ህግደፍ ብውሕሉል መንገዲ ነጻ ብምውጻእ፡ ህግደፍ ኣብ ዲያስፖራ ናይ ህዝቢ ደገፍ ዘይብሉ ብምግባር ምስ ውሽጢ ሃገር ህዝብና ናይ ቃልሲ ምንቅስቓስ ብምድልዳል ስርዓት ኣብ ዝሓጸረ ንምልጋስ ባይታ ምፍጣር።
- ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዘድልዮ ንለውጢ ዝሕግዙ ሰብኣውን ገንዘባውን ዓቕምታት ኣበርክቶ ምግባር። ንኣብነት ነፍሲ ወከፍ ዜጋ $30 እንተተመዲቡሉ፡ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ዘድሊ ገንዘባዊ ባጀት ተጸኒዑ እቲ ገንዘብ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት ከከም ኣድላይነቱ ከምዝመቓራሕ ይግበር። ክንፈልጦ ዘሎና ግን፡ ብዘይ ተወፋይነት ናይ ግዜኻን ገንዘብካን ዝመጽእ ለውጢ የልቦን። ኣብ ዞባን ኣብ ኣህጉሩን ሙልእ ግዜኦም ዝቃለሱ ሰባት ከምዝድልዩ ምፍላጥ ኣገዳሲ ይኸውን።
- ብደረጃ ከተማ ይኹን ብካልኦት ጽፍሕታት ዝወጹ መደብ ስራሓት በተግባር ንክሰርሑ ተሳታፍነት ናይ እታ ከተማ ዕዙዝ ክኸውን ብተግባር ምስራሕ ወዘተ
- ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ሓደ ቦታ/ከተማ ኣሎ ክበሃል ከማልኦ ዘሎዎ መስርሕን፡ ዕላውንትን ሕጋውነትን ብግቡእ ናይ ሓበር ተረደኦ ምህላው።

### 12. ንኡስ-ዞባዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

ብደረጃ ንኡስ-ዞባታት ዝግበር ጋድማውን ትኹላውን፡ ምንቅስቓስን ኣብ ወለንታዊ ድሌት ናይተን ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶታት ዝምርኮስ ኢዩ። እዚ ከኣ፡ ብጆኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ናይተን ከተማታት ብምንቅስቓስ ሓባራዊ ፕሮጀክት ንምስልሳል ዝግበር ናይ ህዝባ ጥርናፈ ኢዩ። ብከተማታት ደረጃ ዝተጠርነፉ ከተማዊ ህዝባዊ ባይቶታት ንናይ ሓባር ፕሮጀክት ከዐውታ ክትኣሳሰራን ዝምድና ክፍጥራን የድሊ። ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ-ዓለማት፡ እቲ ኣጠራንፋ ናይን ኡስ ዞባታት ክፈላለ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ኣመሪካ ብከተማታት ንኡስ ዞባታት ክቖውም ይኽእል። ኣብ ኣውሮጳ ከኣ ብሃገራት ክቖውም ይኽእል።

- ☐ እቲ ብዞባ ደረጃ ዝወጽእ መደብ ስራሓት እውን ብደረጃ ንኡስ ዞባታት ስራሓት ክመቓረሑ ዝያዳ ውጹኢታዊ ክኸውን ስለዝኽእል፡ ናይ ንኡስ ዞባታት ጋድማውን ትኹላውን ምቖምን ምንቅስቓስን የድሊ።
- ☐ ሓባራዊ ሰሚናር፡ መደብ ኪነ-ጥበብን ባህልን፡ ናይ ንኡስ-ዞባ ሰለማዊ ሰልፊ ምድላው ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።
- ☐ ኣባላት ፓርላማ ናይ’ታ ንኡስ ዞባ ብምርካብ ነቲ ዓለም-ለኻዊ ተጽዕኖ ንምሕያሉ ስርሓት ክሰላሰሉ ይግበር።
- ☐ ውክልና ዞባዊ ባይቶ ካብ ከተማታት ወይ ካብ ንኡስ ዞባታት ዝተወከሉ ኣየናይ ከምዝሓይሽ እተን ናይ ከተማታት ህዝባዊ ባይቶታት ምርድዳእ ከድልየን ኢዩ።

### 13. ዞባዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

ብንኡሳን ዞባታት ደረጃ ዝተጠርነፉ ናይ ህዝቢ ምትእስሳራት ብደረጃ ብዝሒ ሓቒፎንኦ ዘሎዋ ብዝሒ ህዝቢ ወከልተን ብምስዳድ እቲ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ይቖውም። እዚ ቀጥታዊ ውክልና ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ከኣ ዘይተወከላ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ማሕበራትን እንተድኣ ሃልየን እውን ብዝተጸንዐ መንገዲ ቅጥዒ ወጺእዎ ከምዝውከላ ይግበር። ብተወሳኺ፡ ምስ ንኡሳን ዞባዊ ባይቶታት ብምውካስ እቲ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ ብፍልጠቶም፡ ብንጥፈታቶምን ብቕዓቶምን ነቲ ቃልሲ ኣገደስቲ ዝኾኑ ውልቀ-ሰባት ኣባላት ዞባዊ ባይቶ ንክኾኑ ክንብር እውን ብወገኑ ክም ሓሳብ ይድግፍ። እቲ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶ፡ ነቲ ዘሎ ዓቕሚ ናይ ህዝብና ብግቡእ ክጥቀመሉን ኣብ ስራሕ ክዋፍሮን የድሊ።

- ኣብ መንጎ እተን ንኡሳን ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶታት ናይ ምትሕብባርን ተወሃሂድካ ምስራሕን ትካላዊ ኣሰራርሐ ባህልን ክምዕብል ጻዕርታት ተካይድ።
- ህዝባዊ ዞባዊ ባይቶታት ኣብ ኣህጉራዊ ዞባዊ ባይቶ ብመሰረት ዝሓቖፈኦ ብዝሒ ህዝቢ ብቐዓት ዘሎዎ ወከልቲ እቲ ዞባ ይመርጻ።
- ብናይ ሓባር ዕላማን ስትራተጂን መደብ-ስራሕን ተጠርኒፈን ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ንምቛምን ንክሰርሕ ዘኽእል መደባት ኣቐድሚካ ቅድመ-ምድላዋት ንምግባር እቶን ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶታት ሓባራዊ ሰሚናራትን መደባትን ይሰርዓ።
- ብዞባ ደረጃ ዝወጹ መደባት ስራሓት ብግብሪ ከምዝሰርሑ ይግበር።




## 14. ኣህጉራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ቅርጻን

ኣህጉራዊ (ዓለም-ለኻዊ) ህዝባዊ ባይቶ ብውክልቲ ናይ ዞባታት ዝቖውም ባይቶ ኢዩ። እዚ ባይቶ'ዚ ብዘይ ናይ ምቛም ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶታት ዝረጋገጽ ስለዘይኮነ፡ ህጹጽነትን ኣገዳስነት ምቛም ናይ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶታት ኣብ ኩለን ክፍሊ ዓለማት (ዞባታት) ክረጋገጽ ኣሎዎ። ቅድሚኡ ግን ከተማውን ንኡሳን ዞባታትን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክቐማ የድሊ። ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ብመሰረት እተን ዞባታት ዝሓቐፎኦ ብዝሒ ህዝቢ ይቐውም። ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ምስ ዞባዊ ህዝባዊ ባይቶታት ብምውካስ ኣገደስቲ ብቕዓቶም ዘመስከሩ ክሰርሑ ዝኽእሉ ዜጋታት

ካብ ኩለን ዞባታት ኣባላት ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ክኾኑ ክውሰኹ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስመዓና። ብተወሳኺ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ሓየለ (ክንደይ ዝብል ክጽናዕ ኣሎዎ) ህዝቢ ዝሓቖፉ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ምስ ዘይውከላ፡ ኣህጉራዊ ባይቶ ምስ ዞባዊ ባይቶታት ብምልዛብ ናይ ውክልና ቅጥዒ ከተኣታቱ ንሓድነት ቃልሲ ሓጋዚ ይኸውን። ንኣብነት እቲ ዞባዊ ባይቶን ኣህጉራውን ባይቶን 100 ሰባት ብሓደ ሰብ ዝውከል እንተኾይኑ፡ ሓሓምሳ ዝሓዛ ዘይተወከላ ውድባት ተላፊነን ሓደ ወኪል ክሰዳ ክግበር ይከኣል። እቲ ክስመረሉ ዘሎዎ ነጥቢ፡ እዚ ባይቶ'ዚ ንኹሉ ዝጠርነፈን ዝወከለን ምግባሩን፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ዝሰርሑ ዓቕሚ ዘሎዎም ዜጋታት ኣብ ስርሕ ከምዝጽመዱ ምግባርን ብቐዓት ዘሎዎ ቀላሲ መሪሕነት ከምዝድሊ ርዱእ ኢዩ።

እዚ ዝሰዕብ ቅርጺ፡ ኣቃውማ እማመ ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶን ቤት-ጽሕፈታትን የርኢ። መደብ ስርሓት ብዝርዝር ኣብ ትሕቲ እዞም ቤት/ጽሕፈታት ብፈጻሚት ሽማግለ ኣቢሎም ከምዝሰርሑ ይግበር። ዝርዝር ስራሓቶም ከኣ ብኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶ ይጸድቕ።

እተን ቤት/ጽሕፈታት ከኣ፡

1) *ዲፕሎማሲ ቤ/ጽሕፈት* - ንዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት እተሰላስል ኣህጉራዊት ቤት-ጽሕፈት
2) *ዜና ቤ/ጽሕፈት* - መኣዝኑ ናብ ቀንዲ ዕላማታት ዘቕንዐ ዜናዊ ንጥፈታት እትሰላስል ቤ/ጽሕፈት
3) *ቁጠባዊ ቤት/ጽሕፈት* - ዘድሊ ዓቕሚ ቁጠባዊ ዓቕሚ ናይ ህዝቢ ምትእሳሳር ንምርካብ ምጽዓርን፡ ባጀት ምስላዕን
4) *ውሽጣዊ ጉድያት ቤት/ጽሕፈት* - ምስ ጸጥታዊ ቤ/ጽ ስርሓት ብምውህሃድ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝሰርሑ ዝተጸንዑ መደበ ስርሓት ምስልሳል
5) *ህዝባዊ ርክብን ስርርዕን ቤት/ጽሕፈት* - ህዝብና ኣብ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንክጥርነፍ መደብ ስራሓት እተውጽእን፡ እተሰላስልን ቤ/ጽሕፈት
6) *መጽናዕትን ሰሚናርን ቤት/ጽሕፈት* - ምስ ህዝባዊ ርክባት ስራሓት ብምውህሃድ መጽናዕቲ ዘድልዩ ነገራት ብኪኢላታት ከምዝጽንዑ ምግባራን ሰሚናራት ኣብ ህዝቢ ክግበሩ መደባት ምውጻእን
7) *ስነ-ኪነትን ባህልን ቤት/ጽሕፈት* - ዘሎ ዓቕምታት ኪነ-ጥበብ መኣዝኑ ናብ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ብምቕናዕ ንለውጢ ሓገዝቲ ዝኾኑ መደባት ብተግባር ከምዝሰርሑ ንምግባር እተወሃህድ ቤ/ጽሕፈት
8) *ጸጥታዊ ጉዳያት ቤት/ጽሕፈት* - ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝሰርሑ ስርሒታት ምስ ውሽጣዊ ጉድያት ተሰርሕ ቤ/ጽሕፈት። በተወሳኺ፡ ኣብ ዲያስፖራ ንስለላ ናይ ህግደፍ ዘበርዕን መደባትን ንሓድነትን ስኒትን ደምበ ፍትሒ ዘዳኽምን ምስጢራዊ ስርርዕ ናይ ህግደፍ ከምዝቃልዑን ከምዝፈሽሉን ዝገብር ቤ/ጽሕፈት
9) *ደቂ-ኣንስትዮ ቤት/ጽሕፈት-* ተራን ተሳትፎን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ከምዝዓዝዝ ዝገብር ቤት-ጽሕፈት
10) *ቴክኖሎጅን መራኸብን ቤት/ጽሕፈት* - ኣብ ዘሎናዮ መዋእል፡ ግደ ቴክኖሎጂን መራኸቢ ብዙሓን ኣብ ለውጢ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘሎዎ ብምስትብሃል፡ እዚ ቤ/ጽሕፈት'ዚ ምስ ክፍሊ ዜና ብምትሕብባር፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝገበር ቀሊልን ምዕቡልን መራኸቢታት ሓቀኛ ሓበሬታ ህዝብና ከምዝረክብን ናብ ለውጢ ዘቕንዐ ኣገደስቲ ሓበሬታት ብግዚኡ ከምዝዝርጋሕ ዝገብር ቤት-ጽሕፈት
11) *ሕብረተ-ሰብኣዊ ጉዳያት ቤት/ጽሕፈት* - ምስ ዝቐውም ነጻ ናይ ረድኤት ትካል ብምትሕብባር ካብ ኤርትራውያን ዓቕሚ ብምውህሃድ ይኹን ካብ ግብረ-ሰናያት ማሕበራትን መንግስታትን ንኣብ ሕማቕ ኩነታት ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ዝነብር ህዝብናን ናይ ሓርነት ውትኣትን ሓገዝ ንክግበርሎም ዝጽዕት ቤት-ጽሕፈት። ድሕሪ ምልጋስ ስርዓት ህግደፍ እውን፡ ኣብ ዳግመ-ምጥያስ ዝተሓባበር ቤ/ጽሕፈት ይኸውን።
12) *መንእሰያት ቤ/ጽሕፈት* - መንእሰይ መንኮርኮር ናይ ለውጢ ከምዝኾነ መጠን፡ እቲ ዝተፈላለየ ማሕበራት ናይ መንእሰያት ኣብ ሓደ ተማእኪሉ ተራኡን ተሳታፍነቱን ዕዙዝ ኮይኑ፡ መኣዝኑ ናብ ለውጢ ዘቕንዐ ክኸውን ዝጽዕት ቤ/ጽሕፈት መንእሰያት።

## መደብ ስራሕ ናይ ክፍልታትን ቤ/ጽሕፈታትን




### 15. ካልእ ነጻ ትካላት

1. ክፍሊ ሕጋዊ ጉድያትን ዕርቅን ሰላምን

    - ክፍሊ ሕጋዊ ጉዳያት - መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ናይ ዓለም ፍርዲ ቤት ንክቐርቡ ዝጽዕርን ብወግኑ እውን ነጻ ቤት-ፍርዲ ብምቛም ብገበን ዝኽሰሱ መራሕቲ ጉጅለ ህግደፍ ፍርዶም ኣብ ዲያስፖራ ዝረኽብሉ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ተኸሰስቲ መሰሎም ከይገሃስ ጠበቓታት ተገይሩሎም ርትዓዊ ነጻ ውሳኔ ፍርዲ ዝረኽብሉ መስርሕ እትሰርዕ ቤ/ጽሕፈት። ግብረ-ስጉምቲ ናይ ፍርዲ ከኣ ንውሽጣውን ጸጥታውን ቤ/ጽሕፈት ከምዝርከቦ ምግባር።
    - ክፍሊ ዕርቅን-ሰላምን - ኣብ ውሽጢ ህዝብና ንክህሉው ዝኽእሉ ዕርቂ ዘድልዮም ጉዳያት መጽናዕቲ ብምግባር ሓድነት ህዝብና ደልዲሉ ስኒትን ሰላምን ከምዝዓሰል ምግባር።

2. ክፍሊ ኦዲትን ግምገማን - ንቁጠባዊ ቤት-ጽሕፈት ገንዘባዊ ኦዲት ዝገብር ነጻ ትካልን፡ ከምእውን ንንጥፈታት ፈጻሚት ሽማግለን ቤ/ጽሕፈታትን ናይ ስራሕ ግምገማ ኦዲት ዝገብር ኣካል ኢዩ፡

3. ክፍሊ ረድኤት - እዚ ነጻ ትካል ናይ ረድኤት ቀይሙ፡ ሓገዝ ካብ ግብረሰናያት ብምርኳብ ምስ ሕብረተ-ሰብኣዊ ብምትሕብባር ሓገዝ ኣብ ዝተሸገረ ህዝብና ከምዝባዝሰርሕ ትካል።

## VI. ብዛዕባ ክልተ ሰነዳት ናብ ኣዳለውቲ ኮንፈረንስ ብ4-22-19 ብኢመይል ዝተሰደ ርእይቶ ጎይትኦም ኢማም

Norh American Draft Constitution April 17, 2019. vs Eritrean People's Network (Goitom's Proposal)

ብቀዳምነት ንኣዳለውቲ ናይ North American Draft Constitution April 17, 2019 ዘሎኒ ኣኽብሮትን ምስጋናን ይገልጽ። ነቲ ዝሕሰብ ዘሎ ኣብ ጉንበት 24ን 25 ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ዝሕሰብ ዘሎ ሰሚናር ኣገዳሲ ንድፌ ሓሳብ ኢዩ ይብል። ከም ኣማራጺ ወይ መመላእታ ክኸውን ዝኽእል Eritrean people Network ዝብል ሰነድ ዘዳለኹዎ እውን ፍልልያቱ ምብርሁ ሓጋዚ ኢለ ይኣምን። ህዝቢ ክካታዓሉን ከማዕብሎን ተባሂሉ እውን ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ተዘርጊሑ ነይሩ http://www.snitna.com/articles/ፍትሒ-መጽሔት-Nov-2018.pdf ። እዚ ብወገነይ ዝተዳለወ ሰነድ ካብ ዝጸነሓኒ ኣብ ከተማውን ዞባውን ናይ ህዝቢ ምልዕዓልን ጥርናፈ ተሞክሮ ዝነቅል ኮይኑ፥ ነቲ መትከል ካብ ታሕቲ ንላዕሊ መሰርሕ ናይ ህዝቢ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ዘንጸበርቕ ኢዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ነቲ ካብ ይኣክል ናበይ ዝብል ሕቶ http://www.snitna.com/articles/Ewe-Yiakil-Kab-Yiakil-Ke-Nabey.php ወይ ከኣ ካብ ይኣክል ናብ ህዝባዊ ማዕበል ከመይ ጌርና ንበጽሕ ንምምላስ ዝተዳለወ ናይ ዓወት ጎደና ሰነድ እውን ኢለ ይኣምነሉ።

ሕጂ፥ ዕላማ ናይ ርእይቶይ፥ እቲ ኣነ ዘዳለኽዎ ይሓይሽ ንምባል ዘይኮነ፥ ክልቲኡ ሰነድ ኣብ ሓደ ሰነድ ኣገዳስነት ስለዘሎዎ ክውሃሃደሉ ዝኽእለሉ መንገዲ ንምድህሳስ ኢዩ። ብርእይቶይ፥ እቲ ናይ ህዝቢ ምልዕዓል ወይ ምንቅስቓስ ሲቪካውን ፖለቲካውን ኣምራት ዝሓቘፈ ስለዝኾነ፥ እቲ North American Draft Constitution ሰነድ ብዝያዳ ነቲ ሲቪካዊ ባህያት ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ክምልስ እንከሎ፥ እቲ Eritrean people Network ከኣ ብዝያዳ ነቲ ናይ ሕጂ እዋናዊ መድረኽ ሃገርን ህዝብን ንምድሓን ህዝቢ ከመይ ኢሉ ሓቢሩ ብህዝባዊ ማዕበል ነቲ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክልግስ ይበቅዕ ዝምልስ ፖለቲካዊ ባህርይ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ኢዩ በሃላይ ኢየ። ስለዝኾነ ከኣ ክልቲኡ ሰንዳት ክማራፆ (ክወሃሃድ) ዘሎዎ ኢለ ይኣምን። ብዘይ ቀለዓለም ክዛረብ እንትኾይነ፥ እቲ ብዶ/ር ዮናስ ዝተላእከ North American Draft Constitution ጽሑፍ ቅዋም ናይ ሲቪክ ምንቅስቓስ ከም ናይ በዓል Eritrean Global Solidarity ዘንብብ ዘሎኹ ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ኣብ ኣተሓሕዛና ቀዳምነታትና ክንሰርዖም ኣገዳሲ ኮይኑ ይስመዓኒ።

1. ነዚ ዘሎ ጉጅላዊ ህግደፍ ሰርዓት ከመይ ጌርና ኣብ ዝሓጸረ እዋን ነልግሶ?
2. ጎኒ ንጎኒ ከኣ፥ እቲ ለውጢ ብህግደፋውያን መሰልቲ ከይጭወ ውሕስነት ዘሎዎ ሰለማዊ ዲሞክራስያዊ ምስግጋር ህዝቢ ከመይ ገይሩ ውሕስና ይገብር
3. ዲሞክራሲ ዝብላዕ እንጀራ ስለዘይኮነ፥ ናይ ህዝብና መነባብሮ ንምምሕያሽን ህዝቢ ነቲ ለውጢ ሓንጎፋይ ኢሉ ክቕበሎ ተራ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ ዳግመ-ህንጻ ሃገር ክምልስ ኣገዳሲ ይኸውን። ነቲ ቀዳመይቲ ሕቶ እቲ ብወገነይ ዝቐረበ ሕቶ ዝምልሶ ኮይኑ ይስመዓኒ። ነቲ ካልኣይቲ ነጥቢ North American Draft Constitution ዝብል ሰንድ ዝምልሶ ኢዩ። እቲ ሳልሰይ ናይ ዳግመ-ህንጻ ሃገር ህዝቢ ምስ ተጠርነፈ ከም ሓደ ዓቢ ፕሮጀክት ከሰላሰል ዝኽእል ኢዩ በሃላይ ኢየ።

እቲ ብወገነይ ዝቐረበ ሰነድ እቲ ሓደ ሰነድ ዘይመለሶ እንታይ ይምልስ?

1. ኣብ ሓደ ከተማ/ቦታ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ንክበሃል እንታይ ከማልእ ከምዘሎዎ ይምልስ
2. ነቲ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ (ዜጋ > ከተማ > ንኡስ-ዞባ > ዞባ > ኣህጉር/ዓለም-ለኻዊ) ቅርጻዊ ኣመዓባብልኡን መትከል ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝምልስ ሰነድ ኢዩ።
3. ህዝቢ ብኸመይን ኣብ ምንታይን ሓቢሩ ክቃለስ ከምዝኽእል ዝምልስ ሰንድ ኢዩ። እቶም ሓባራዊ የዕኑድ እንሆ፥
4. ኩሎም ፍትሒ ዝብህጉ ኤርትራውያን ክዓስልዎ ዝኽእሉ ውሑድን ንጹርን ሓባራዊ መድረኻዊ ዕላማ ይምልስ
5. ኣገዳስነት ናይ ምቛም ኣህጉራዊ ህዝባዊ ባይቶን፥ ክሰርሖም ዘሎዎም ስርሓትን ብስእላዊ መልክዕ ይኹን ብትሕዝቶ ነቲ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘሎ ሃጓፍ ህዝቢ ክርደኦ ብዝኽእል መንገዲ የቕርብ።
6. ዝተወደበን ዘይተወደበን ኤርትራዊ ዜጋ ሓቢሩ ክቃለሰሉ ዝኽእለሉ መንገዲ ዝምልስ ሰነድ ምዃኑን ነቲ ናይ ይኣክል ተበግሶ ናይ ህዝቢ ናብ ሓደ ጥርናፈ ከዕስሎ ዝኽእል ዝምልስ ምዃኑ። ከምእውን ምስ'ተን ኣብ ሰሜን-ኣመሪካ ቀይመን ዘሎዎ ከተማዊ ህዝባዊ ጥርናፈታትን ናይ ሰሜን-ኣመሪካ ህዝባዊ ምልዕዓልን ትሕዝቶኡ ተመሳሳልነት ዘሎዎ ይኸውን።

ኣብ መደምደምታ - ብዛዕባ'ዚ ቀድሚ እቲ ናይ ዲሲ ኮንፈረንስ ንምዝርራብን ኣብ ምጽፋፉን ምውህሃዱን ዓቕመይ ዘፍቅዶ ንምትሕብባር ፍቓደኛ ምዃነይ እንዳሓበርኩ ዕዉት ሰለማዊ ሰልፍን ኮንፈረንስን ክኸውን በዓል ምሉእ ተስፋ ኢየ።

## VII. ብንይትአም ኢማም ካብ ዝተጻሕፉ ተመሳሳሊ ጽሑፋትን ቃለ-መሓትትን (Author's Previous Written Relevant Materials & References)


1. **እወ ይኣክል፥ ካብ ይኣክል'ከ ናበይ**? - http://www.snitna.com/articles/Ewe-Yiakil-Kab-Yiakil-Ke-Nabey.php
2. **ሎሚ ይኣክል ዘይበለ፥ ታሪኹ ዝሓተለ** - http://www.snitna.com/articles/Lomi-Yeakil-Zeybele-Tarikhu-ZiHattele.php
3. **ፍትሒ መጽሔት** (ሕዳር 2018) - http://www.snitna.com/articles/**ፍትሒ-መጽሔት**-Nov-2018.pdf
4. https://www.harnnet.org/index.php/articles-corner/english-articles/item/2259-promong-the-concept-of-grassroots-movement-the-strategy-of-boom-up-the-role-of-the-media
5. **ኣይንጥለም ሰማእታት ኣይነግድዕ ሓርበኛ** - http://www.snitna.com/articles/Hzbey-AynTlem-Semaetat-Aynegdie-Harbegna.php
6. http://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/2018/0210GE8-02AE.pdf
7. **ፕሮጀክት ፍትሒ** (**ቃለ-መሓትት**) - https://youtu.be/yIObzf_gAP0
8. http://assenna.com/wp-content/uploads/2016/01/Grassroots-Movement-and-Role-of-Media-2.pdf
9. Fithi New Year 2016 Issue http://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/2016/0201FITHI6-05MT.pdf
10. Fithi Special Edition - http://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/2015/1108FM5-06MT.pdf
11. Fithi 3rd Issue - http://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/rightMap/temp-14A/2109FM4-TM.pdf
12. Fithi 2nd Issue - http://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/headingMap/2014A/0606FT4-04MT.pdf
13. Fithi 1st Issue - http://www.togoruba.org/togoruba1964/mainTogorubamap/mainMap/rightMap/temp-14A/2302FT4-MT.pdf
14. Dmtzi Medrek - 1st part http://youtu.be/PistPMcotGA
15. Dmtzi Medrek – 2nd part http://youtu.be/lMc73AYcqdE
16. hizbawi-milial-semen-america-jan24-2016.wma